# ህጹጽ ህዝባዊ ጸውዒት

ማሕበር ንሓድነትን፡ ፍትሕን፡ ድሕንነትን ኤርትራ ኣብ ከትማ ስያትልን ከባቢኣን፡ ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ዘሰካሕክሕ ዕንወት ህገርን፡ ህልቂት ህዝብን ምኽንያት፡ ብምብጋስ፡ "ሕጂስ ይኣክል፡ ሕልናና ፈቲሽና ንተንስእ፡ ንበራበር፡ ነድሕን ሃገርና" ኣብ ዝብል ጭርሖ ብምምርኳስ ንኣብ ሲያትልን፡ ከባቢን ዘሎ ሓፋሽ ህዝብና ብምጥርናፍ ብሓባር ኰንካ ብምቅዋም ፍታሕ ንምምጻእ ትጽዕርን፡ ትቃለስን ኣላ።

ህዝቢ ኤርትራ ነታ በማእተ- ኣሽሓት ዝኣክል ህይወት ህዝባን ፡ ብምልዮናት ዝቖጻር ንብረታን፡ ንዋታን ከፊላ ብ 1991 ዘምጸኣታ ነጻነት ሃገር ፈጺማ ከየስተማቐረታ ከላን፡ እቲ ኩሉ ዝነበረ ሃገራዊ ሕልምን ፡ ትምኒትን፡ ባህጊን፡ ብውልቀ መላኺ ኣሳያስ ኣፈርቂን፡ ውሑዳት ተሓባበርቱን ፡ንሕድሪ ሰውኣት ብጾቶም ብምጥላምን፡ ብምኽሓድን፡ ስለ ዝተመንዘዔ፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርና፡ ኣዝዩ ተበኪኑ ተሪፉ፡ ንታሕቲ ኣቢሉ ብቐጻልነት እና ኣንቆልቆለ ድሕሪ ምኺድ ከኣ፡ ኤርትራ ሃገርና ነጻ ሃገር እያ ኢልካ ንክትጽውዓ እውን ኣብ ዘጠራጥር ኩነታት በጺሓ ዘላ ።

እቲ ብውልቀ- መላኺ ኣሳያስ ዝምራሕ መንግስታዊ ቅዋም ዘይብሉ ስርዓት፡ ንክፋል ህዝብናን፡ መንእሰያት ደቅናን፡ ብሰንኪ'ቲ ጽንኩርን፡ ዘሰካሕክሕን ዝኾነ ዕለታዊ መነባብሮን፡ ፖሊቲካዊ ጭቆናን ምኽንያት፡ ሀገሮምን፡ ስድርኦምን ገዲፎም ከምዝባረሩ ብምግባር፡ ኣብ ፈቐዶ መዲተራንያን ውቅያኖስ ብቐጻሊ ይጥሕሉን፡ ኣብ ሳይናይ መድረበዳ ይቕዘፉን ኣሎዉ። ብዚ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘሰካሕክሕ ቅትለት ኤርትራውያንን፡ ኢትዮጲያውያንን፡ ብኢድ ኣረማውያን ዝኾኑ "ኣይሰስ" ዝበሃል ዝመጸውዒያም ኣረማውያን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማዕበል ባሕሪ ዝጠሓሉ 350 ዝኣኽሉ ኣሕዋትናን ፡ ደቅናን ዝኸፍእ ኩነታት የለን። ይኹንምበር ነዚ ሕሱም ኩነታት'ዚ ውልቀ- መላኺ እሳያስን ሰዓብቱንከ እንታይ ርኢይቶ ይህቡሉ ኣሎዉ ኢልና ምስ እንሓትት፡ ርኢይቶን፡ መግለጺን ከይሃቡሉ፡ ብውሽጢ- ውሽጢ ንወልዲን፡ ንበተ ሰብን ሓዘን ንኸይገብሩ የጠንቅቑን፡ የፈራርሑን ከምዘለዉ ይሕበር ኣሎ። ብአንጻሩ ከኣ መላእ ህዝቢ ዓለም ብቕሉዕ ይዛረበሉን፡ ይሓዝኑሉን፡ ይጣበቑሉን ኣሎ። ተራናኸ ደኣ እንታይ ይኹን ??

ብተወሳኺ ከኣ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና እንተኾነ በቲ ብቢዕለቱ ዘጋጥሞ ዘሎ ዘሰካሕክሕ ማእሰርትን ፖለቲካዊ ራዕዲን፡ ጥሜትን፡ ኣልቂትን፡ ምሉእ ህዝቢ ዓለም፡ ክብኽየሉን፡ ተቓውሞ ክርእየሉን ከሎ፡ ብአንጻሩ ከኣ ካብ ደቂ ሃገር ዝኾንና ኤርትራውያን፡ ብቑዕ ዝኾነ ጥርኑፈን፡ ተቓውሞን፡ ርህራሄን፡ ተሓባበርነትን ነርኢ የሎናን። እዚ ዘሕዝንን፡ ዘሕፍርን ድኸመት እዩ። ኣብ ገሊኡ ሸነኻትና"ውን ኣብ ከንዲ ኣውያትን፡ ጸሎትን፡ ምህለላን ነርኢ፡ ኣብ ፈቐዶ ኳይላን፡ ዳንከራን ጥሒልና ንርከብ ስለዘሎና፡ ህዝብና ብሰንኪ ተጠርኒፉ ዘይምጽናሑ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምክፍፋልን፡ ደም ናይ ምፍሳስን ቅድሚ ምብጻሕና፡ ተጠርኒፍና ንናይ ሓባራዊ ሽግርና ናይ ሓባር ፍታሕ ንክንረኽበሉ ናይ ኩልና ናይ ሞራልን፡ ሕልናን ሓላፍነት እዩ።
ብካሊእ ሸነኻት ናይ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ክንዕዘብ ከሎና ከኣ፡ ባኣሽሓት ዝቖጸሩ ከፋላት ህዝብና ብዘይተገልጸ ምኽንያት ኣብ ኩሉ ቤተ-ማእሰርቲ ኤርትራን፡ ኣብ ጨራ ጻሓይ ዘይብሉ ፈቖዶ ጎዳጉዲን ፡ ብዘይ ፍርዲ ንብዙሓት ዓመታት ዝኣከል ይሳቐዩ ኣሎዉ። ንሕናኸ ብዛዕብኡን ፡ ብዛዕባ'ቶም ዝተረፉ ካልኦት ዓበይቲ ሽግራት ሃገርና እንታይ ዓይነት ናይ ተቓውሞ ተራ ተጻዊትና ንፈልጥ? ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ መልሲ ክህበላ ይግባእ።

ብተወሳኺ ከኣ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ርእሲ ወተሃደራትን፡ ከፍለ ሃገራዊ ጸጥታን ኤርትራ ፡ ፈጺሙ እምነቱ ስለዘጥፍኤ ብታቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጲያ ዝብል ጉልባብ ዝፍለጥ ዕሱብ ወተሃደራዊ ስርዒት (ደምሒት) እዩ ዝሕሎ ዘሎ። እዚ ዕሱብ ወታሃደራዊ ስርዒት'ዚ ኣብ ርእሲ ህዝብና፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮና ፡ ብዙሕ ግፍዕታት ይፍጽም ኣሎ። እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ንስርዓት ኢሳያስ ንምክልኻል ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ንመንግስታዊ ንስርዓት ኢሳያስ ዝቃወም ወትሃደራዊ ሓይሊ መስዝትንስኣ ፡ ንኽምክቶ ቅሩብ ከምዝኾነ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ፡ ንምምካት'ዚ ዕሱብ ወተሃደር'ዚ ከኣ ናይ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ሞራላዊን፡ ሃገራውን ሓላፍነት እዩ።

እብ'ዛ ጽንክርቲ ዝኾነት ናይ ዕንወት ሃገርናን፡ ህልቂት ህዝብናን ግዜ'ዚኣ በቲ ካብ ኣቦታትና ዝወረስናዮ ቅኑዕ ባህልና ዝሕብሮ መሰረት፡ መራሕቲ ሃያምኖትናን፡ ዓበይቲ ዓድናን፡ ናይ መሪሕ ተራ ከጻወቱ ስለ ዘሎዎም፡ ማሕበር፡ ንሓድነትን፡ ፍትሒን፡ ድሕነትን ኤርትራ፡ ብሕልፊ'ኳ ንመራሕቲ ሃይማኖትና መሪሕ ተራ ንኽጻወቱ ህጹጽ ጻውዒት ትገብረሎም ኣላ።

ፍሉይ ሕቶን፡ ርእይቶን፡ ለበዋን፡ ምስ ዝህሉ ከኣ ኣብ 206 334-3554 ወይ ከኣ 206-271-3656 ብምድዋል መልሲ ክርከብ ይከኣል እዩ።

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና !!

ውድብ ሓድነትን፡ ፍትሒን፡ ድሕነትን ኤርትራ ኣብ ሲያትልን ከባቢኣን።